ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ
ንማሕበራዊ ዕርቕን፣ ፍትሕን፣ ንምዕቓብ ከባቢን
حركة الخضر الارترية
من أجل السلم الأهلي، العدالة والحفاظ على البيئة
Eritrean Green movement
For Social Reconciliation, Justice
and Ecological wisdom

# ማሕበራዊ ዕርቕን ፍትሕን ካብ ራኢታትና፣ 03/23.02.2009

ብጥበብ መርበብ ክንራኸብ ምኽኣልና፣ ምስጋና ንኣምላኽ ይኹን። ኣብ ምንጎ ዉጹዓት፣ ፍቕርን፣ ስኒትን፣ ክነግስ፣ ተወፋይነትን መስዋእትን ክስንስን፣ ካብ ሓዲድ ኣቦታትና ወጺኡ ዘሎ ባህልና ኣብ ቦታኡ ክምለስ፣ ዝተደራረበ ጻዕርን ቓልስን ከም ዘድሊ ብሩህ ኢዩ። ንባህልታት ፋሺሽቲ ክንምክትን፣ ክንሙንቑስን፣ ምስ ጽቡቕ ልምድታትናን መንፈሳዊ ትምህርትታትናን ክንዕርቕ ይግባኣና። ማሕበርን፣ ማሕበራዊ ዕርቕን ፍትሕን፣ ሎሚ ሃሰስ ንብሎም ባህሊ ኣይኮኑን።

ማሕበራዊ ትብል ቓል ኣብ ባህልና ነዊሕ ታሪኽ ዘለዋ ኢያ። ከም'ቲ ቅድም ዝበልናዮ ንሕና ደቂ ሓዋርያት ክርስቶስን፣ ደቂ ነቢይ ማሕመድን ኢና። ንኣቦታትን ዘጠመቖም ወይ ወንጌል ዝሰበኾም የሎን። ባዕሎም ሓዋርያት እዮም ዝነበሩ። ምስልምና'ውን ኣብ ሃገርና ክኣቱ እንከሎ ኣብ ሃገርና ጽቡቕ ስነ ምግባር፣ ሕብረተሰብና ካብ ጻት ንጻት ይዝቶ ስለ ዝነበረ፣ ነቢይ መሓመድ ንስድራ ቤቱ ካብ ጸላእቱ ከህድሞም ኣብ እዚ መሬትና ዑቕባ ክሓቱ ከም ዝልኣኾም፣ ታሪኽ ይዝክር። ኣብ ማእከል መሬትናንን ማእከል ባህልናን ኣብ ማእከል እምነትና ድማ ንሓዋርያት ምስልምና ተቐቢልና፣ ብቓል ክልተ ቅዱሳት መጽሓፍቲ ፣ ንመዓልታዊ ስራሕትናን ንማሕበራዊ ሂወትናን ስለ ዝሃነጽናያ መሬትና ሰላም ፍቕርን ስኒትን መሊእዋ ከም ዝነበረ ዘርከብናዮ ሓቂ ኢዩ።

እንበኣር ማሕበራዊ ናብራና፣ ብማሕበር ምስራሕና፣ ምሕራስና፣ ምህናጽና፣ ምንባርና፣ ምውናና፣ ብማሕበር ምጽላይን ምብላዕን፣ ብማሕበር ምዝታይን ምምራሕን ምምርዓውን፣ ምቕባርን፣ ምውጋእን ምሽፋትን፣ ቅድሚ መግዛእቲ ኣብ ሕብረተሰብና ኣብ ላዕለዋይ ጥርዙ በጺሑ ኔይሩ። ካልኦት ኣሕዛብ ነዚ ምዕባሌ ክበጽሑ ብዙሕ ሂወት ኣጥፊኦም። ሕብረተሰብና ግን ክሳብ መሬት ብድልየት ደቂ ዓዲ ምድያስ፣ ጋሻ ምቕባል፣ ንድኻም ምሕጋዝ፣ ልግሲ፣ ብእምነት ዝተሰደዱ ዝቕበል፣ ኣኽብሮት፣ ፍቕሪ ስኒት፣ ካብ'ቲ ክልተ እምነታት፣ ዝመነጨዉ ስነ ምግባራት ኣብ ሕብረተሰብና ዓቢ ቦታ ነበሮም። ነቶም ዝጠልሙን፣ ዝዕምጹን፣ ካብ ባህሊ ወጻኢ ዝኸዱ ድማ ብደርፍን፣ ብዓበይቲ ዓድን፣ ብመራሕቲ ሃይማኖታትን ይግሰጹን፣ ይውገዙን፣ ብባይቶ ኣሕዋት ይፍረዱን ይጥረዙን፣ ብጎራዙት ድማ ሕማቕ ተግባሮም ፎእ ኢሎን፣ ንመንእሰይ ትምህርቲ ክኾኑ ይድረፈሎም ነበሩ።

ማሕበር ቐንዲ ሓይላ ፍቕርን ስኒትን ኢዩ። እዚ ጥዑም ቓላት ግን ግብራውነት ዝህልዎ ኣባላት ማሕበር ወይ ማሕበረሰብ ተግባራቶም ሰብኣውነት ምስ ዝዕዝዞ ኢዩ። ንሓውና ንጎረቤትና ከም ነፍስና ክነፍቕሮ፣ ካብ ዘሎና ሃብቲ ንድኻታት ክንልግስ፣ ንመሰል ዝሓቱ ምስ ንድግፍ፣ ንዝተወጽዑ ምስ ንዘሪ፣ ንሕሙማት ክንበጽሕ ብዘይሕጊ ንዝእሰሩ ምስ ንጣበቕ ብጸሎትን ብጾምን፣ ንርእስና ምስ ንመልኽ እቲ ማሕበርና ክድልድልን ክዓብን ንጸላእቱ ድማ ክስዕር እዩ። ኩሎም ፋሺሽቲ ጸረ እዚ ጽቡቕ ትምህርቲ ኢዮም። ስነ-ምግባር የብሎምን። መታን ንህዝቢ ኣብ መፈንጠራኦም ከእትዉዎ፣ ሰይጣናዊ ትምህርቲ የምህሩ። መጀምርታን መጠረሽታን "ሓይሊ። ይኣምኑ። ንህዝቢ ድማ "ብሃገራውነትን" "ብሃይማኖትን" "ብዶባትን" "ብልዕልና ዓሌትን" የሃውትትዎ። ኣብ ሕብረተሰብ ኣነንትነትን ትምክሕትን ይዘርኡ። ሕማቕ ባህልታቶም ድማ ነቲ ተቓላሳይ ይዕንቕፎ። ካብ ኩሉ ኣብ'ዚ ግዜና ብኢንተርነትን፣ ብደቨደን፣ ብቪደዮን፣ ኣብ ባህልና ዘይነበሩ፣ ኢሰብኣዊ ፊልምታትን፣ ካብ ወጻኢ ይሰልኹ ኣለዉ። ስድራ ቤት፣ ብፋሺሽታዊ ባህልን፣ በዚ ናይ ወጻኢ ሕማቕ ባህልታትን፣ ተሓኒቓ ስለ ዘላ፣ መስግድን ቤት ክርስትያንን ካልኦት ሓይሊ ፍቕርን ስኒትን ክሕግዝዋ ይግባእ። እህህ ጥራይ ዝኣክል ኣይኮነን። ኣብ ከባቢና

ብማሕበረሰባትን ብኾማትን ብዓድታትን ወረዳን ኣውራጃን /ንኡስ ሃገርን፣/ ብግልጺ ጸረ እዚ ሕማቕ ባህልታት ክንለዓል ይግባና። ንሕብረተሰብና ካብ'ዚ ሕማቕ ባህልታት ክተላቕቖን፣ ብሓደ ከተኸትቶን፣ ከተንብሮን፣ ከተፋቕሮን፣ ከተሳንዮን ኣብ ባህሊ ስድራና ክንመልሶ ናይ ግድን ኢዩ። ማሕበራዊ ዕርቕን፣ ማሕበራዊ ፍትሕን ዘይብሉ ማሕበራዊ ምትእኽኻብ ኮንቱ ኢዩ። ፍቕርን ስኒትን ዝጎድሎ፣ ማሕበር ይኹን ውድብ ሃገር ይኹን ሕብረተሰብ ብደዉ ይፈርስ። እዚ ምፍርስ እዚ ከይርከብ ድማ ሓምኤ ምስ ነፍስናን ምስ ባህልናን ምስ ታሪኽናን ምስ ጎሮባብትና ዕርቕን ፍትሕን ብቐጻምነት ክግነስ ትጽዕር ዘላ። እንተ ነቶም ለይቲ ለይቲ ቆርበት በጊዕ ተኸዲኖም፣ "ጥዑም ቓላት እናታዛረቡን እናሰበኹን፣" ጽልእን ምፍልላይን በለጽን ከምህሩና ዝህቕኑ ካብ ማእከልና ክነባርሮም ድማ ተምህር። እንተ ነቶም፣ ዕርቕን፣ ፍትሒን፣ ጎዲሉዎም፣ ባይቶ ኣቦታትና ፈሪሱ፣ እምነትና ተደፊሩ፣ ባህልና ተረጊጹ፣ መሬትና ተወሪሱ፣ ኢሎም ብእምነት ይኹን ብብሄር፣ ብዓዲ ይኹን ብኣውራጃ ንኡስ ሃገር፣ ብውልቒ ይኹን ብማሕበር ኣብ ብርሃን ወጺኦም ንሃገራዊ ሓድነትና ክድልድል ዝቓለሱ ግን ኣምላኽ ምስኦም ስለ ዘሎ ክንክተሎምን ክንዘርየሎምን ወገኖም ክንከውንን ደጋጊማ ትምዕድ።

ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ወላ ደንጉያ ትኹን እቲ ሓቐኛ ፍታሕ ክመጽእ ትቓለስ ኣላ። እንተኾነ ካብ ሰማይ ዝወርድ ወይ ካብ ዕዳጋ ዝግዛእ ፍቕርን ስኒትን የለዉን። ሒዝናዮ ዘሎና ዕላማ ክዕወት ብቐጻምነት፣ ኣብ ፖሎቲካዊ መደባትና ፍቕርን ስኒትን ክሰፍን ኣለዎ። እዚ ክኸውን እቲ ኣብ መኣዲ ቓልሲ ዘሎና፣ ይቕረ ይቕረ ንበሃሃል፣ ንሓባራዊ ረብሓ ነቐድም፣ ጽልእን ቕርሕንት ካብ ማእከልና ንመንቁሶም። ነቀዝ ስምረትን ዓወትን ኮይኖም ፋሺዝሞ ክጥጥሓ ሓይሊ ዝህብዎ ዘለዉ ሕማቕ ባህልታትና ንመክቶም። ብበቐልን ብቅርሕንትን ፖሎቲካ ኣይንዕየ። እዚ ፖሎቲካ ኣቦታትና ኣይኮነን። "ሓተ ግብኡ" "ሓደ ኩኑ" ዝብል ለበዋ ሰዉኣት ኣሎና። ንጸላእን ፈታውን መሚና ንረዳኣዮ። ኣብ ኣርባዓታት ኣቦታትና ነቲ ፖሎቲካ ሃገርና ሰብኣውነት ከልብስዎ ብዙሕ ጺዕሮም ኢዮም። ኣብ ግዜና'ውን ብዙሕ ተፈቲኑ ክሳብ ሕጂ ግን ኣይተዓወትናሉን። እዚ ስለ ዝኾነ ኣብ ነንሕድሕድና ክንተሃላለኽ ዘሕለፍናዮ ግዜን ሂወትን ቁጠባን ይበዝሕ ካብ ምስ ጻላኢና ዘጥፋእናዮ ሓይልን ቑጠባን። ኣብ ባህልና ንመለስ፣ ኣምላኽ ድማ ክሕግዘና ኢዩ።

መታን ብጽቡቕ ቓላት ንመንፈስና ኩንኩርምጅ፣ ንመንገድና ድማ ብርሃን ኮይኑ ክመርሐ፣ "ካብ ኩሉ እትዓቢ ሕጊ-ንብረት፣ ፍቕሪ" ትብል ዓምቐጽ ኣብ ጋዜጣ ሓንቲ ኤርትራ ዝወጽኤት፣ ኣብ ገጽ 95 ኣብ መጽሓፍ ምሩጻት ዓንቐጻት ኣቶ ወልደኣብ 1941-1991 ብኣቶ ትኳቦ መርሲዕ ዝተዳለውት ብኣ ጌርና ሓስባን ክንድምድም።

"ነቲ ቀዳማይ ፍር-ጽልኢን ፍልልይንስ ንዝክርዶኾን ንኸውን? ቃኤል ብእቤል ሓው ጸልኦ'ሞ ቀተሎ። ኣየ፣ ካብታ መዐልቲ ኣትኣ ክስዕ ሎምስ፣ ክንደይ "ቃ ኤ ላ ት" ኮን ተንሲኦም ኣሎዉ። ክንደይ ኣዚዩ ዝብዝሕ፣ ናይ ኣሕዋት ደምከ፣ ለይቲን መዓልትን ናብ ኣምላኽ ዘየእዊ ዘሎ?

እዚ ነዞም ሕቡራት መንግስታት፣ ኣብ'ቲ ናይ መወዳእታ ዓመት ኬብጽ ሖም ቀሪቡ ዘሎ ዓቢዩ ምኽንያትስ እንታይ ከም ዝኾነ፣ ኣብ ምንታዮም'ውን ከም ዘሎ ደኾን ሓሲብናዮ ንኸውን? እዛ ነቶም ካብ 400 ሚልዮን ዚበዝሑ ሰባት ጠሚራ ሒዛቶም ዘላ ዓባይ ነገርከ እንታይኮን ትኸውን? ንሳ ፍቅሪ'ኳ እንተ ዘይኮነት፣ ክእለትን ዉርዝነትን ከም ዝኾነት ርግጽ ኢዩ። እዞም ዓበይቲ መንግስታት እዚኣቶም እቲ ኣብ ዓዓዶም ዘሎ ንብረትን ኣጋባብ ዕዮን ካብ ብዙሕ ኣሻሓት ዓመታት እተተኸለ ልማዳትን ወግዕን፣ ነንበይኑ ከምዝኾነ፣ ምናልባሽ'ኳ ነንሕድሕዱ ዚቃአውምን ዚጻረርን ኣገባባት ከም ዚህሉዎ ምንም ኣየጠራጥርን ኢዩ። ግናኸ ምስ እዚ ኹሉስ፣ እታ ዕላማኦም ሓንቲ፣ ንሳ ኸኣ "ነጻነት" እቲ ጸላኢኦም ከኣ ሓደ. ንሱ ድማ "ፋሺዝሞ" ስለ ዝኾነ፣ ከም ሓንቲ ኣካልን ከም ሓንቲ ልብን ኮይኖም፣ ሓቢሮም ደሞም የፍስሱ፣ ኣብ መሰዉያ "ሓርነት" ከኣ ይነጽግዎ ኣሎዉ። ኣየ፣ ንሕናኸ ካብ'ዚ ዓብዩ ክእለትን ውርዝናን እዝኾን እንታይስ እኘታይኮን ተማሂርና ንኸውን? "እዚ ሰብ'ዚ ኣብ ኩባያ ማይ ዚጥሕል ሰብ ኢዩ፣" ዚብል ባህሊ ኣሎ። ሓደ ሰብ፣ ኣብ ኩባያ ማይ ኪጥሕል ዘይከኣል።
ስለ'ዚ እዚ ባህሊ እዚ ዓብዩ ትርጉም ኣሎዎ። ነቲ ትርጉሙ ኸኣ፣ ኣንባቢ ባዕልኻ ኣጸቢቕካ ተስተውዕሎ ኢኻ። ናይ ሰይጣንን ኣገልገልቱን መተዓየዪ፣ ወ ከኣ መሳርያ፣ ወይስ መጻወድያ፣ ኣዚዩ ሰፊሕን ዓሚቑን ኢዩ። እቲ ኣብዚ ከም'ዚ ዝበለ መጻወድያ ዚወድቕ ሰብ ከኣ፣ ኣጸቢቑን ኣቕኒዑን ኣርጊጹን ይኸይድ ከም ዘሎ ኣናመሰሎ ኢዩ። ኣብኡ ዝወድቕ። ካብ መሳርያ ሰይጣን ሓደ ድማ፣ እቲ "ቅንኢ' ዝበሃል፣ ጸረ "ፍቅሪ" ኢዩ።ኣብ መንጎ ኣሕዋትን ደቅ ዓድን፣ ጽልእን ቅንእን ሻራን ፍልልይን እንተደኣ

ተንሲኡ፣ ሰይጣን ዓወት ረኺበ ማለት እዩ። ኣብ መንነ ኣሕዋትን ደቅ ዓድን "ፍቅሪ" ምጽውዋርን ልግብን-ልግሲ ኣእምሮን" እንተድኣ ኣልዩ ግና፣ ሰይጣን ብርግጽ ተሳዒሩ ማለት ኢዩ። እቲ ክፍኣት ወይ እቲ ጉድኣት፣ ዚበዝሕ ግዜ፣ ካብ ጸላኢ ነቒሉስ፣ ብመንገዲ ፈታዊ ኣቢሉ ኢዩ ዚመጽእ። ንሰይጣን ሓደ'ኳ ዝረኣዮ የልቦን። ስለምንታይ ንሱ መንፈስ ኢዩ። ብዝተረፈስ፣ ሰይጣን፣ ምስ 5 ዓይኑ፣ ምስ 2 ቀርኑ፣ ምስ'ቲ ነዊሕ ጭርኡ፣ ኪዛወር ከሎ እንተ ዝርኤ፣ ነቲ በላሕትን እተመሳቐለን ኣስናኑ ኣጋይጹ ድማ እናሰሓቐ፣ በቲ ገሃንማዊ ድሃዩ፣ "ናባይ ንዑ፣ ኣነ ኣሕሸኩም" እናባለ ዝዕድም ኣንተ ዚኸውንስ ሓደ'ኳ ናብኡ ዚኸይድ ኣይምተረኽበን። ንሱ ግን መልክዕ መልኣኽ ለቢሱ፣ ምስ ባህርይ ሰብ ከኣ ተወሃሂዱ ኢዩ ዚሰርሕ፣ በዚ ምኽንያትዝ'ውን ብዙሕ ይሰልጦ፣ ብዙሕ'ውን ይኽተሎ።

እሞ ክሳዕ ክንዲ'ዚ ብርቱዕ ካብ ኮነ ድኣ፣ ነቲ ግብሪ ሰይጣንስ ከመይ ኣቢልና ኢና፣ ከነልዮ'ሞ ክንቃወሞ ኸኣ እንኽእል? ኣቐድም ኣቢልና ኣመልኪትናዮ ከም ዘሎና፣ እቲ ምልክቱ ረቂቕን ስዉርን እኳ ክነሱስ፣ በቲ ሓደ ወገን ከኣ (ሳላ ኣምላኽ) ፍሉጥን ግሉጽን ኢዩ። ከመይሲ ኣብቲ ጽልእን ፍልልይን ሓሶትን ዘለዎ፣ ኣብኡ ሰይጣን ኣሎ። <u>ኣብቲ ፍቕርን ሓቅን ትሕትናን ልግብን ለውሃትን ዘለዎ ኸኣ፣ ኣብኡ ኣምላኽን ዓወትን ኣሎ።</u> እምበእርከስ ሰላምን ለውሃትን ጽንዓትን ሓቅን ነንግስ። ብፍቕርን ብኣንድነትን ከኣ ንመራሕ። ኣውራ-ኣውራ ኸኣ፣ ነት ዚወሓጥ ደልዩ፣ ኣፉ ሃህ ኣቢሉ ዚጽብ ዘሎ ፋሺዝሞ ዚበሃል ጸረ-ኣምላኽ፣ ዚብላዕ ኣይንሃቦ። ነቲ ማይ ብዝተዘርገስ፣ ዓሳ ኣብዚሑ ኪገፍፍ ሃረር ዚብል ዘሎ ጸላኢ፣ ንመግፈፍ ምቕጠኑ ከይድርቢስ ንጠንቀቐሉ። ንፋስ ምእንቲ ከይኣቱስ ነቓዕ ኣይረኽብ። ንግጠም!።

ኣስተብሃል

እቲ እተራእየ ሕብረትን ኣንድነትን ፍቕርን፣ ንዓንዲ- ማእክል ፋሺዝም፣ ኬንቀጥቅጦን ኬምበጥብጦን ጀሚሩ ከም ዘሎ ጥርጥር የልቦን። ስለምንታይ፣ ንሰይጣንን ንፋሺዝምን፣ ፍልልይን ኅመድን መባልዕቶም ስለ ዝኾነ፣ የሕጉሶም ድኣ'ምበር ከቶ ኣየፍርሖምን ኢዩ። ፍቕርን ኣንድነትን ግና፣ ምድሪ ኩዒቶም ኪኣትዉ ክሳብ ዚደልዩ የንበድብዶም! እበኣርከስከ ከም'ዚ ካብ ኮነስ ኣጻቢቕካ ምሕባር፣ ምፍቓር፣ ምርድዳእ የድሊ!። ሰሙናዊ ጋዜጣ ቁ.79 28/2/44"

ፋሺዝም ክገዝእ ናቱ ባህሊ ኢዩ ዝዘርግሕ። እዚ ባህልታት እዚ ድማ ሎሚ ለኺፍና ኣሎ። ከመይ ጌርና ከም ንምክቶ ጠፊእና ዕንይንይ ንብል ኣሎና። እንበር ኣምላኽ ዝሓዘ መንገዲ ኣይጠፍኦን ኢዩ። እንስሳ'ኳ ንውላዶም ኣሕሎሮም ኣይህቡን ኢዮም። ንሕና ግን ውላድና ብዘይ ሕጊ ክቅተልን፣ ንዓመታት ኣብ ወፍሪ ባርነት ክነብርን፣ ንስደት ክመውትን፣ ወንጌልና ክነድድን፣ ጳጳስና ክበሳበሱን ካብ ስልጣን ኣምላኻ ብኢድ ሰብ ክወርዱን፣ ተዓኒድና ንምልከት ኣሎና። እቲ ሞት ግን ደንጉዩ ቀልጢፉ ክመጽእና ኢዩ። ኣብ ባይቶ ምድሪ፣ ሓሲርና ኣብ ባይቶ ሰማይከ ንኸብርዶ ንኸውን?

ካብ ኩሉ እዚ ዓመት እዚ ንህዝብና ፈታኒ ግዜ እዩ። ብጥሜት የጠፍእ ከም ዘሎ ንሰሚዕ ኣሎና። ኣብ ዶብ ጄቡትን ኤርትራን ዝተወልዴ ሓዊ ንኽሃድእ ኣህጉራውያን ሽማግሌታት ኣብ ሃገርና ክኸዱ ከም ዝደለዩ ግን ፋሺሽቲ ኢሰያስ ነዚ ኹሉ ሽግራት ባዕሉ ዝሰርሖ ጥፍኣት ስለ ዝኾነ፣ ን"ጠሚና" ዝብሉ "ሽብዳዕዳዕ" ንኽሽንግሉ ዝመጹ ድማ ብትዕቢት ወላ ማዕጾ ገዝኡ ከም ዘይከፍተሎም ተዛሪቡ። ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ደቅናን ሞት ይጽውዕ ኣሎ። እንበኣር ንኽተት። ኣብ ኩሉ ስርሓት ቓልሲ ንጸንበር። ሰላማዊ ሰልፍታትን ካልእን ጸረ እዚ ስርዓት ይበርትዕ።

እንተኾነ ኣብ ጽልኢ ከሎና ፍትሒ ከነምጽእ፣ ኣብ ዘይምርድዳእ ከሎና ሓይላት ክንከውን ዘይሕሰብ ኢዩ። ስለ'ዚ ንፍቅርን ስኒትን ነፍሲ ወከፍና ንድለየን። ንፍልላያትና ብሽማግሌን፣ ብናይ እምነት መራሕትን ጌርና ንፍታሓዮ። ዕርቕን ፍትሕን ኣብ ባህልታትናን ልምድታትናን ማሕበራዊ ስርርዕናን ንዝነበሩ ምስ ሓ.ም.ኤ, ኮና ክንመልሶም ኣእዳውና ንስራሕ ነሕብሮ። ኣምላኽ ድማ ንዕላማና ክዕወት ክሕግዘና ኢዩ።

ኣባልነትኩም በዚ ኣድራሻና ኣረጋግጹ፣ ኣብ ስራሕ ገጽና ቁልሕ ክንብል።
Greeneritreans@gmail.com

ኣምላኽ ንቓልስና ይሓግዘና፣ ንሃገርና ይባርኻ፣ ንኡሱራትና ጽንዓትን ጥዕናን የውርደሎም። ኣሜን።